# ሰንበት ዘትንሣኤ

## ሚያዝያ 27 2016 ዓ.ም. (5/5/2024)

**ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሐሠይ ምድር**



**ዛቲ ዕለት ዐባይ ፋሲካ ተዝካረ ትንሣኤሁ ለመድኃኒነ**

**መዝሙር፡** ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሐሠይ ምድር... ሎሚ አብ ሰማያት ዐቢይ ታሕጓስ ኮይኑ እዩ፥ ምድሪ ከአ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ትገብር አላ፥ ትንሣኤኡ አብ ሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ፥ አብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ አብ ሳልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት አባረሮ ይብል።

**ንባባት አብ ቅዳሴ:** ሮሜ 6፡3-11 (1ቆር 5፡6-8) (ቆላ 3፡1-4)፥ 1ጴጥ 3፡17-24፥ ግ.ሓ. 10፡38-42፥ ማቴ 28፡1-10 (ዮሓ 20:1-9).

**ስብከት፡ ቅድሚ ቅዳሴ**

1. ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም፥ወከመ ኃያል ወኃዳገ ወይን፥ ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ።ሽዑ እግዚአብሔር ከምቲ ኻብ ድቃሱ ዚትንሥእ ሰብ ተንሥአ፥ ከምቲ ነቢት ሰትዩ ዝዕንድር ጀግና ኾይኑ ተንሥኤ መዝ። 78፡65-66

**ንባባት፡** ማቴ 28፡1-ፍ፥ ማር 16፡1-ፍ፥ ሉቃ 24፡1-13

**ስብከት አብ ቅዳሴ፡**

(1) ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፥ ንትፈሳሕ ወንትሓሰይ ባቲ፥ ኦ እግዚኦ አድህንሶ። እቲአ እግዚአብሔር ዝገበራ ዕለት እዚአ እያ፥ ብአአ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፥ ኦ ጐይታ አድኅነና መዝ 118፡ 24-25።

ሎሚ ብዓለ ትንሣኤ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነብዕል አሎና። እዚ ብዓል ዝዓበየን ዝኸበረን ብዓል አብ እምነትና እዩ። ካብ ኩሉ ትአምራታት ትንሣኤ ክርስቶስ ዝዓበየ እዩ። ትንሣኤ ኢየሱስ

ክርስቶስ አምላኽ ከምዝኾነ የረጋግጸልና። ትንሣኤ ናይ ዓወትን ሓጎስን ብዓል እዩ። ትንሣኤ ናይ ክርስቶስ ዓወት ኣብ ልዕሊ ኃጢአትን ሞትን እዩ። ትንሣኤ ብዓልና እዩ ከመይ ኢየሱስ ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ካብ ኣርዑት ኃጢአትን ሞትን ነጻ ኣውጺኡና። ትንሣኤ ክርስቶስ ብኹሉ ዝሕድሰናን ሓደስቲ ፍጥረት ዝገብረናን እዩ። ትንሣኤ ሓዲስ ልብን ሓዲስ ሕይወት ኣብ መንፈስ ቅዱስን ይህበና። ትንሣኤ እምብአር ናይ ሓደሲ ሕይወት ብዓል ስለ ዝኾነ ብዓቢ ሓበንን ክብርን ነብዕሎ ኣሎና።

ትንሣኤ ዓቢ ምስጢር እዩ። ንትንሣኤ ክርስትስ እሞ ብኸምይ ንርእዮ ንርድኦን።

ቅድሚ ዓመታት ሓደ ናይ ከተማ መብራህቲ ምሸት ምሸት እናወልዐ ንዓመታት ኣብ ጸልማትን ኣስሓይታን ኣብ ዘለዎ ለይትን ከይሰልከየ ዝሰርሕ ሰብ ነበረ ንሱ ኣብ ዕላሉ ሓንቲ መዓልቲ ሰልክይኒ ኣይፈልጥን” እናበለ ብምሉእ ሓጎስ ይዛረብ ነሩ። ኩሉ ጊዜ ቀቅድመይ ዝመርሓኒ መብራእቲ ኣሎኒ ይብል ነሩ። ሓደ ክዛረብ ዝሰምዖ ኣብታ ናይ መወዳእታ ምስ በጻሕካ እንታይ ትገብር እናበለ ሓቲትዎ፥ ድሕሪኡ ድአ ምድሪ ይወግሕ ኢልዎ ይብሃል።

ክርስቶስ ንኹልና ኣብቲ እናበርሄ ዝወግሕ ብርሃን ትንሣኤ ክንሳተፍ እሞ ከምኡ ክንበርህ ይደልየና። ናይ ኩሉ እምነትና መሰረት ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ፥ ኩሉ ኣዕማድ እምነትና ኣብኡ እዩ መሰረቱ። ትንሣኤ ኣብ ሓዲስ ብርሃንን ሕይወትን እዩ ዘእትወና ሓንሳብ እንተ ተቐቢልናዮ መዓልትና በሪሃ ኣላ ማለት እዩ።

ኢየሱስ ብሓቂዶ ካብ ሞት ተንሢኡ እዩ? መን ዝርአዮ ኣሎ ክትንሥእ እንከሎ?

ኢየሱስ ክትንሥእ እንከሎ ወላ ሓደ ዝርአዮ የለን፥ ድሕሪ ትንሣኤ ዝተፈጸመ ነገራት ብምርኣይ ኢና ትንሣኤ እነረጋግጽ። ኢየሱስ ከም ዝተንሥአ ዝሕብር ሰለስተ ነገራት ኣሎና።

1. ጥርሑ ዝጸንሐ መቓብር፡ ቀዳማይ ናይ ትንሥኤ ክርስቶስ ሓባሪ ወይ መረጋገጺ እቲ ኢየሱስ ዝተቐብረሉ መቓብር ጥርሑ ጸኒሑ። ሓዲስ መቓብር እዩ ነሩ፥ምስ ካልእ መቓብር ዘደናግር ኣይነበረን። ኣብኡ ሮማውያን ወተሃደራት ነሮም ንሶም እውን እቲ መቓብር ጥርሑ ከም ዝነበረ መስኪሮም። ሓዋርያት ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ክሰብኩ እንከለዉ ወላ ሓደ መረጋገጺ ዝኸውን ካብቲ ሬሳ ኢየሱስ ወይ መቓብር ብናይ ካልእ ሰብ ሬሳ ኣየቕረቡን።

ሓደ ዛንታ ኣሎ ኣብ መንጎ ሓደ ሰባኻይ ወንጌል ክርስትያንን ኣስላማይን ዝኾነ ክትዕ እምነት። እቲ ኣስላማይ ነቲ ሚስዮናዊ እምነት ምስልምና ክሳብ ክንደይ ካብ ክርስትያናዊ እምነት ከምዝበልጽ ከረጋግጸሉ ኢሉ፥ ንሕና ንመካ ክንከይድ ከሎና እንተ ወሓደ ኣብኡ መቓብር መሓመድ ዝተቐብረሉ ክንበጽሕ ንኸይድ ንስኹም ክርስትያን ግን ንኢየሩሳሌም ክትከዱ እንከሎኹም ኣብ ጥርሑ ዝኾነ መቓብር ኢኹም እትኸዱ ወላ ሓንቲ ኣይትረኽቡን ኢኹም በሎ። እቲ ምስዮናዊ ነዚ ክምልስ እንከሎ ሓቅኻ ኢኻ ንሱ ኸአ እዩ እቲ ፍልልይና፥ መሓመድ መይቱ እዩ ኣብቲ መቓብሩ ከአ ኣስከሬኑ ኣሎ ኣብ ክርስቶስ ግን ከምኡ ኣይኮነን ተንሢኡ እዩ ንሱ ኣብ ሰማይ ኣብ መንበር ክብሪ ተቐሚጡ እዩ ዘሎ ንሱ ንዘለዓለም ሕያው እዩ ኢሉ መሊስሉ።

ኣብ ወንጌል መቓብር ጥርሑ ምጽንሑ ከም ሓደ ተመክሮ ምልክት ትንሣኤ ክርስቶስ ምዃኑ ይግለጽ። ኢየሱስ ተንሢኡ እዩ ኣብኡ የለን። እተን ቀዳሞት መዓልታት ትንሣኤ ብዙሕ ስምዒታትን ተሃዋኽን ዝመለኤን እየን ነረን። ማርያም መግደላዊት መጀመርያ መቓብር ጥርሑ ምህላዉ ምስ ነገረት ነቲ ኹሉ ስምዒታት ፈጢራቶ። ካብ መቓብር እናጎየየት ተመሊሳ ሬሳ ኢየሱስ ኣብቲ ዝተቐብሮ ከምዘየሎ ነቶም ብፍርሓት ተሾቒሪሮም ዝነበሩ ካልእ ዘሰንብድ ወረ ኣምጺኣትሎም ኣብርሲ ዘላታ ተወሰኻታ እዩ ነገሩ። ምናልባት እዚ ንሳ ዝረኸበቶ ተስፋ ካብ ምቕራጽ ክመስል ይኽእል እዩ እንተ ኾነ ከምቲ ኢልዎ ዝነበረ ንጹር መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ

ተንሢኡ እዩ። ጴጥሮስን ዮውሓንስ እናጎየዩ ኣብ መቓብር ከይዶም እንተ ኾነ ከምቲ ዝበለቶ መቓብር ጥርሑ ጸኒሑ። ጴጥሮስ መጀመርያ ነቲ ነገር ርእይዎ ድሕሪኡ የውሓንስ “ርእዩ ኣሚኑ” ። ንሱ ኢየሱስ ከምዝተንሥአ ኣሚኑ።

2. **እተን ኣንስቲ ዝበልኦ ዘረባ፡** ካልኣይ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝተንስኤ ዝሕብረና እተን ኣንስቲ ቀዳሞት ምስክር ትንሣኤ ከምዝኾና እዩ። ኩሎም ወንጌላውያን ኣብ ኣቀራርብኦም ይፈላለዩ እምበር ኩሎም ዝሰማማዕሉ ቀዳሞት መስከርቲ ትንሣኤ ደቀንስትዮ እየን። ኣብ ሴማዊ ባህሊ ዘረባ ደቀንስትዮ ዱርጋ ወጋ ኣይውሃቦን እዩ ከምቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ገሊኡ ሕብረተ ሰባትን ሃገራትን ዘሎ። ኣብዚ ሓዋርያት ንትንሣኤ ክርስቶስ ብሓሶት ዝምህዝዎ ነሮም እንተ ዝኾኑ ናይ እተን ኣንስቲ ምስክርነት ኣይመጠቐስዎን እዮም። ትንሣኤ ኢየሱስ ዘይክሓድ ሓቂ እዩ ብናይ ዘረባ እተን ኣንስቲ ክናኣስ ዝኽእል ኣይኮነን። ኣብ ወንጌል ዮውሓንስ ማርያም መገደላዊ እያ እታ መጀመርያ ምስክር ትንሣኤ ክርስቶስ።

3. **ናይ ሓዋርያት ምቕያር ወይ ምሕዳስ፡** ሳልሳይ ሓባሪ ትንሣኤ ክርስቶስ እቲ ኣብ ሓውርያት ክርስቶስ ዝተራእየ ተሓድሶን ለውጥን እዩ። ትንሥኤ ኢየሱስ ነቲ ሕማማትን ሞትን ኢየሱስ ጨሪሹ ፍሉይ ትርጉም ከምዝውሃቦ ገርዎ። ንሓዋርያት ኣብ መጀመርያ ዘሰንበድ ጥፍኣትን ስዕረትን ኮይኑ ዝርኣዮም ዝነበረ ኣብ ሓዲስ ርድኢትን ግልጸትን ከም ዝሳገሩ ገርዎም። ተመክሮ ትንሣኤ ክርስቶስ ንሓዋርያት ንእምነቶም ከምዝጸንዕ ኣብቲ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ገርዎም ሽዑ ሕይወቶም ጨሪሹ ለዊጥዎ። ኣብ መጀመርያ ከይእሰሩ ብፍርሓት ዘንቀጥቅጡን ለሚሶም ዝነበሩ ድሕሪ ትንሣኤ ጭሪሾም ተቐይሮም ብድፍረት ንትንሣኤ ዓው ኢሎም ክሰብኩ ጀሚሮም። እቲ ኣብ መስቀል ዝሞተ ኢየሱስ ብሕይወቱ ኣሎ ምስኦም ከምዘሎ ኣብ ኩሉ ክሰብኩ ጀሚሮም። በቲ ወሪድዎም ዝነበረ መንፈስን ጸጋን ወላ ሓንቲ ዘጠራጥር ኣይነበሮምን እንተ ኣድለየ ምእንትኡ ሕይወቶም ከሕልፉ እውን ቅሩባት ነሮም። ኣብ ጉዕዞ ስብከቶም ብዙሕ ጊዜ ተኣሲሮም ተሰጒጎም ከምኡ ብኹሉ ተጸሊኦም እንተ ኾነ መጠን ዝተዋረድዎ ምእንቲ ክርስቶስ ዝያዳ ሓጎስን ዓወትን ይፈጥረሎም ነሩ። ንኹሉ እቲ ዝወርዶም ዝነበረ ግፍዕን ውርደትን ምስቲ ናይ ኢየሱስ ኣተሓሒዞም ይርእይዎ ነሮም። ኣብ ሕማማቱ እንተ ተሳቲፎም ኣብ ሓጎሱ ከም ዝሳተፉ ርግጸኛታት ነሮም።

ኣብ ግብረ ሓዋርያት ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ቅዱስ ጴጥሮስ መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ ብድፍረት ንትንሣኤ ክምስክር ንርእዮ። እቲ ንኢየሱስ ሰለስተ ጊዜ ዝኸሓደ ሕጂ ብዓቢ ትብዓት ምስክረትን ንምስጢር ትንሣኤ ክገልጽ ንረኽቦ። ጸጋ ትንሣኤ ሓዳሲ ሓይሊ ኣለዎ።

ብርግጽ ትንሣኤ ክርስቶስ ዘረጋግጽ ነገራት የብልናን ብኣንጻሩ ኸኣ ከምዘይትንሥኤ ዘረጋግጽ እውን የብልናን ስለዚ ከም ቀደም ከምኡ ኢሉ ይነብር። ኣብዚ ትንሣኤ ክንብል እንከሎና እቲ ኣብ መስቀል ዝሞተ ሰውነት ተንሢኡ ሕጂ ይርአ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ንትንሣኤ ዝረኣዮ የለን ምኽንያቱ ሓንቲ ዝርአ የብሉን። ስቕለት ታሪኻዊ ሓቂ እዩ፥ ትንሣኤ ግን ናይ እምነት ሓቂ እዩ። ዝተንሥኤ ኢየሱስ ጨሪሹ ኣብ ሓዲስ ዓይነት ሕይወት እዩ ኣትዩ። ኩሎ እቲ ድሕሪ ትንሣኤ ዝተጻሕፈ ነዚ እዩ ዝሕብር። ኣብ መጀመርያ በቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎ እውን ኣይተለለየን፥ ኣብቲ ሓዲስ ሰውነቱ ኣብ ኩሉ ቦታት ነሩ እዩ።

ትንሣኤ ክነብዕል እንከሎና ነቲ ኣብተን ቀዳሞት መዓልታት ትንሣኤ ኢየሱስ ዝገጠመን ከምኡ ንሓዋርያት ዝገጠሞንን ንምዝካር ጥራሕ ኣይኮናን እነብዕሎ ንናይ ነፍስወከፍና እምነትን ኣብ ሕይወትና ዘስዕቦ ለውጥን ንምዝካር ኢና እነብዕሎ። ብዓለ ትንሣኤ ንፍጹም ተሓድሶ ኣብ ሕይወትና እዩ ዝሓትት። ከምቲ ንሓውርያት ዝቐየረ ብወገና ፍጹም ተሓድሶን ለውጥን ክንገብር

እዩ ዝሓትት። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ሓዲስ ሕይወት አብ ክርስቶስ ኩሉ አማናይ ክገብሮ ክኾኖ ዘለዎ ክገልጽ እንክሎ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ ዝጸሓፋ ቀዳመይቲ መልእክቱ ደጋጊሙ የስተምህር።

አብ ፋሲካ አይሁድ ዝግበር ሓደ ልምዲ አሎ ነቲ ካብ ዝበኹዐ ብሑቕ ዝተሰርሐ ህብስቲ ቅድሚ ንፋሲክኦም ከብዕሉ ምጅማሮም ንኹሉ ዝነበሮም ህብስቲ ይድርብይዎ እሞ ካብቲ ዘይበኹዐ ብሑቕ ዝተሰርሐ ህብስቲ ይትክእዎ። እቲ መባኾዕቲ ከም ሓደ አዕናዊ ነገር እዩ ዝርአ ነሩ ምኽንያቱ ከአ አብቲ ጊዜ ምብኳዕ ዝርአ ለውጢ አብ ብሑቕ ብምርአይ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ከስተንትን እንክሎ ቊሩብ መባኾዕቲ ንብዘሎ እቲ ብሑቕ ከም ዜብኵዖ አይትፈልጡን ኢኹም፥ ከምቲ ሕጂ ዘሎኹምዎ ዘይበኾዐ ሓዲሽ ብሑቕ ምእንቲ ኽትኮኑ ነቲ አረጊት መባኾቲ አጽሪኹም ደርብይዎ፥ ከመይ ገንሸል ፋሲካና ክርስቶስ ተሠዊው እዩ፥ ስለዚ በቲ አረጊት መባኾዕቲ ወይ ብመባኾዕቲ እከይን ሕሰምን ዘይኮነ ብዘይበኾዐ እንጌራ ማለት ብቕንዕናን ብሓቅን በዓልና ነኽብር (1ቆሮ 5፡68) ይብል። አብ ትንሣኤ ክርስቶስ እንተ ተሳተፍና አብ ኩሉ ሕይወትና ቀጻሊ ለውጥን ሓዲስ መንፈስን እዩ ዝርአ። ቀዳሞት ክርስትያን ነዚ ብግብሪ ይርእይዎ ከምዝነበሩ ጽሑፋት ይነግሩና። ሎሚ እውን እዚ ክርአ ናይ ነፍሲ ወከፍና ሱታፌ ይሓትት። ክንልወጥ ክንሕደስ ናይ ኩልና ድለት የድሊ ከይደልና ለውጢ ተሓድሶ ክመጽእ አይክእልን እዩ። ክንአምን ጥራሕ አይኮነን ዘሎና ነቲ እንአምኖ አብ ግብሪ ክነርእዮ ክነብሮ ክንሰብኮ አሎና።

ሰንበት ትንሣኤ እምነትና አብ ትንሣኤ ጥራሕ ዘተኮረ ክኸውን የብሉን፥ ምሉእ ሓጎስን ምስክረነትን አብ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ዝገልጽ ክኸውን አለዎ። አብ ናይ ሎሚ ቃል አምላኽ እንተ ረአና ብዝያዳ ትኲረት ተዋሂብዎ ዘሎ ስብከትን ምስክርነትን ክልተ ቀንዲ ሓሳባት ኮይነን ንረኽበን። ንስኻትኩም ንትንሣኤይ መሰኻኽር ኢኹም እናበለ አብ አእዛና ይድውል አሎ እቲ ዝተንሥኤ ኢየሱስ። አብ ትንሣኤ ብሓጎስ መሊእና እንብሎ ዝጠፍአና ክንከውን ዘይኮነ ነቲ እነብዕሎ ክንሰብኮ አብቲ ርክብና ኸአ ክነርእዮ ይደልየና አሎ። ናይ ትንሣኤ ሓጎስ እንታይ ምዃኑ ምስ ካልኦት እንተ ዘይተተኻፈልናዮ ፍርቂ ፍርቂ አብዒልና አሎና ማለት እዩ። ናይ ሓደ ሓቀኛ ክርስትያን ሕይወት ነፍሲወከፍ ዕለት መዓልቲ ትንሣአ እያ፥ ምስቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ዕለት ዕልት ምጉዓዝ እዩ ኽከውን ዘለዎ ሕይወቱ።

ሎሚ ብዓቢ ክብርን ሓጎስን ክርስቶስ ትንሥአ እሙታን በዓቢ ኃይሊ ወስልጣን፥ አሰሮ ለሰይጣን አግዓዞ ለአዳም ይእዜሰ ኮነ ፍሥሓ ወሰላም እናበልና ካብ ልቢ ዝነቕለ ነብዕል አሎና። ኢየሱስ ምሳና አብ መንጎና አሎ። እዚ እዩ ናይ ሎሚ መልእኽቲ። እቲ ጥርሑ ዘሎ መቓብር አብቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ዝሕብር እዩ። እቲ ጥርሑ ዝጸንሐ መቓብር ንማርያም መግደላዊን ንጴጥሮስን ዮውሓንስ ዘበሰረ ሎሚ ንአና እውን ስፍራ እምነትና አብቲ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ዝውለደሉ፥ እምነት እታ እምነ ኵርናዕ ኮይና ንስብከት ክንወፍር ዘበራትዓና እዩ። እምነት እታ እትሕድስን ነንፍስወከፍ ክርስትያን አብቲ ካብ ሕጂ ንድሓር ከም ቀደም ዘይኮነ አብ ሓዲስ ሕይወትን ርክብን ክነብር እትሕብር እያ። ምስ ክርስቶስ ተንሢእና ዝበለጸ ሓዲስ ዓይነት ሕይወት ክነብር መብጽዓ እንአትወሉ እዩ። እዚ እዩ እቲ ሓዲስ ብስራት ንሎሚ።

ብሩኽን ቅድስና ዘምጽእ ትንሣኤ ይግበረልና ኩልና ብምነፈስ ተሓዲስና ሰላም ፍቕሪ ነጊሱ ኩልና ደቂ ትንሣኤ ኮና እንርከብሉ ብዓል ይግበረልና።

ብሩኽ ትንሣኤ

አባ ንጉሠ ፍሥሓ